## ሊኬቶ ቃታ

**እንታይ ኢዩ፡**

ናይ ክልተ መካይድቲ ሊኬቶ ዝገጥም ብመንጎ እቲ ሓላው ቃታ ንክሕልዋ ነታ ቃታ ካብ ምስሓብ።

ናይ ጽንብር ሊኬቶ፡ ዝጥወቕ መልጎም ወይ ብመፍትሕ ዝኽፈት ሊኬቶ ዘውሕስ ነቲ ንብረት።

**ዋጋ፡**

ካብ $5 ክሳብ $30 ወይ ልዕሊኡ



### ረብሓታት

- መጠነኛ ዋጋ
- ንእሽቶን ጽፉፍን
- ብቐሊሉ ዝርከብ

### ጉድኣታት

- ካብ ስርቂ-ዘየድሕን
- ኣብ ኩሎም ኣጽዋራት ኣይሰርሕን'ዩ
- ትሑት-ብቕዓቶም ሊኬቶታት ክስበሩ ይኽእሉ ኢዮም

## ስለምንታይ ኣጽዋርኩም ክትዓጽውዎ ኣለኩም



ደርዘናት ዝኾኑ መዕጸዊ ኣጽዋርኩም ዝኾኑ ንብረት ኣለዉ። ሽጉጥኩም ምሳኹም ምስ ዘይትህሉ፡ ተወሲዳ ንሕማቕ ጥቕሚ ክትውዕል ትኽእል ኢያ። **ቆልዑን ዘይተፈቕደሎም ሰባትን ፈጺሞም ክፈልጡዎ የብሎምን ነቲ ጽንብር ሊኬቶ ወይ እቲ መፍትሑ ኣበይ ከምዘሎ።**

### ዓጺኹም ኣጽንሕዎ ክሳብ፡

**ሽጉጥኩም ካብ ስርቂ ንምድሓን**

**ቆልዑ ከይረኽብዋ ከምኡ'ውን ንኸይጥቀሙላ**

**ንምክልኻል ሰባት ካብ ነፍሰ-ቅትለት ኣብ ጽንኩር ግዜ**

**ንምክልኻል ሽጉጣት ናብ ቤት-ትምህርቲ ካብ ምምላእ**

# LOCK IT UP

ቀሊል። ርጉጽ። ድሉው።

www.lockitup.org

ንሕና ነራኽበኩም ምስ መዐቀቢ ንብረታት ናይ ኣጽዋርኩም ዝገብሮ ውሑስ፡ ርጉጽ ከምኡ'ውን ድሉው።

**መዕጸዊ ንብረታት ክግዛእ ይኽእል ኣብ ዝኾነ ሽጉጣትን መሳንይቱ ነገራትን ዝሸየጥሉ፡**

- ዱኳናት ሽጉጥ
- ዱኳናት ዕጥቂ ስፖርት
- ዱኳናት ውሕስነት
- ዱኳናት ሓጺነ-መጺን
- ኣብ-መስመር ኢንተርነት

ንጎደሎ ዋጋ ናይ መዐቀቢ ንብረት፣ ብጽሑ ናብ ሓደ ካብቶም ብንጽል ዝሸጡ መሻርኽትና ዱኳናት ከምኡ'ውን ነዚ ፕሮግራም ጥቐስሎም።

Public Health
Seattle & King County

Tigrinya

# መዕጸዊ ንብረታት ኣጽዋር



ኣየነይቲ ኢያ ቅንዕቲ ንዓኹም፧

LOCK IT UP

ቀሊል። ርጉጽ። ድሉው።



## መዕጸዊ ንብረታት ኣጽዋር

ደርዘናት ዝኾኑ መዕጸዊ ኣጽዋርኩም ክኾኑ ዝኽእሉ ንብረት ኣለዉ። ብዙሓት ክኢላታት ይምሕጸኑ ንናይ ዕጹዋት ሰናዱቕ፡ ካዝና፡ ወይ መጠወቒ መልጎም ዘለዎ ናይ ሽጉጥ ገባል፡ ናይ ጽንብር ሊኬቶ ወይ ናይ ኣሃዛት መጠወቒ መልጎም ዘለዎ ሊኬቶ።

ምዕጻው ኣጽዋር **ቀሊል** ኢዩ። ናይ ውሑስ ዕቃበ ንብረታት ክቡራት ወይ ዝተሓላለኹ ክኾኑ የብሎምን ከምኡ`ውን ክርከቡ ይክኣሉ ኣብ ዱኳናትን ኣብ-መስመር ኢንተርነትን።

ዝተዓጽዉ ኣጽዋር **ውሑሳት ኢዮም**። ናትኩም ዝተዓጽወት ሽጉጥ ኣዝያ ኣጸጋሚት ወይ ዘይክኣል ኢዩ ሰራቒ ንኽወስዳ። ከምኡ ድማ ክትከላኸሉ ትኽእሉ ኢኹም ንወጣማት ቆልዑት ከምኡ`ውን ኣብ ጽንኩር ኩነታት ንዝርከቡ ሰባት ካብ ነብሶም ወይ ንካልኦት ሰባት ምህሳይ።

ዝተዓጽዉ ኣጽዋር **ድሉው** ኢዩ። ብቕልጡፍ ክትከፍትዎ ትኽእሉ ኢኹም ነቲ ዕጹው ሳንዱቕ ወይ ካልእ ዝኾነ ንብረት ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት።

## ዕጹው ሳንዱቕ

**እንታይ ኢዩ፡**

ንእሽተይ ውሑስ ሳንዱቕ ዝተነደፈ ብውሑስ ኣገባብ ዝዕቀብ ጠበንጃ ኢድ። ዘበዝሑ ክሽጎሩ ይኽእሉ ኢዮም ወይ ድሕነት ብዘለዎ ገመድ ክዕጸዉ።

ይኽፈት ድማ ብናይ ጽንብር ሊኬቶ፡ ዲጂታላዊ ናይ ኣሃዛት መጠወቒ መልጎም፡ ባዮሜትሪካዊ መለለዪ ኣሰር ኣጻብዕቲ ወይ ብመፍትሕ።

**ዋጋ፡**

ካብ $25 ክሳብ ልዕሊ $200



**ረብሓታት**

- መጠነኛ ዋጋ
- ካብ ንስርቂ ዝድሕን
- ንእሽቶን ጽፉፍን
- ብቐሊሉ ዝርከብ

**ጉድኣታት**

- ካብ ካልኦት ኣማራጺታትዝለዓለ ዋጋ ኣለዎ

## ናይ ሽጉጥ ገባል ወይ ካዝና

**እንታይ ኢዩ፡**

ዓቢ ካዝና ንነዋሕቲ ሽጉጥ ጠበንጃ ኢድ ወይ ክቡራት ኣቕሓ ክዕቀብ ተባሂሉ ዝተነደፈ።

ይኽፈት ድማ ብናይ ጽንብር ሊኬቶ፡ ዲጂታላዊ ናይ ኣሃዛት መጠወቒ መልጎም፡ ባዮሜትሪካዊ መለለዪ ወይ ብመፍትሕ።

**ዋጋ፡**

ካብ $150 ክሳብ ኣሽሓት



**ረብሓታት**

- ዝተፈላለዩ ጥቕምታት
- ካብ ንስርቂ ዝድሕን
- ዓቢ
- ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ

**ጉድኣታት**

- ከቢድን ኣጸጋምን ከተንቀሳቕሶ
- ካብ ካልኦት ኣማራጺታትዝለዓለ ዋጋ ኣለዎ

## ናይ ገመድ ሊኬቶ

**እንታይ ኢዩ፡**

ነቲ ጎንጎ ዝዓግቶ ንብረት መታን እታ ሽጉጥ ካብ ምትኳሳ ክከላኸል። ገመድ ክኣቱ ይኽእል ኢዩ ኣብ ውሽጢ ወይ ብመንገ እቲ ካዝና ሽጉጥ፣ ጎንጎ ወይ ኣፈሙዝ ሽጉጥ ከምኡ`ውን ነቲ ቀልሃ ዝዓግቶ ጎንጎ ካብ ናብ ዘይቦትኡ ምኻድ።

ናይ ጽንብር ሊኬቶ ወይ መፍትሕ ነቲ ሊኬቶ ይኽፍቶ።

**ዋጋ፡**

ካብ ነጻ ክሳብ $20 ወይ ልዕሊኡ



**ረብሓታት**

- ብነጻ ወይ መጠነኛ ዋጋ
- ዝተፈላለዩ ጥቕምታት

**ጉድኣታት**

- ካብ ስርቂ ክከላኸል ኣይክእልን
- ገሊኦም ገመዳት ክቖረጹ ይኽእሉ ኢዮም
- ኩሎም ምስ ኩሎም ዓይነት ሽጉጣት ዝሳነዩ ኣይኮኑን